# WE'LL COME UNITED!

commUnity CARNIVAL

WE'LL COME UNITED!

TIGRINYA

ኩልና ብሓባር!
**16 መስከረም - ናይ ተቓውሞ ሰልፊ ጸረ ዓሌትነት / ካርኒቫል ሕብረተ- ኮማት በርሊን**

ካብ ዝመስለና ንላዕሊ ብዙሓት ኢና። ሰሙን ቅድሚ ምርጫ ቡንደስታግ ነብስና ከነርኢን ድምጽና ከነስምዕን ኢና። ዛንታታትና ክነግር ኢና። ብዛዕባ ስደት፣ ምግሃስ መሰል ብቤት ጽሕፈታት፣ ዓሌትነት፣ ጽቡቕ ኣቀባብላን ናይ ምንባር መሰልስ። ምእንቲ ናይ ምድግጋፍ ፖለቲካ ብሓባር ምእንቲ ኩሉን ኣብ ዕለት 16.09.2017 ኣብ በርሊን!

እቲ ሰልፊ ብዕለት 16.09.2017 ሰዓት 13.00 ኣብ ቅድሚ ቤት ጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት ኣብ በርሊን (ጥቓHauptbahnhof) ጀሚሩ ኣብ Oranienplatz ክዛዘም ኢዩ።
እቲ ምርኢት ብዝተፈላለየ አርእስቲ ዝሓዘሉ ምስልታት ዝቐመ ኢዩ። ኣንጻር ምጥራዝ ፣ መሰል ትምህርቲ ንኹሉን ናይ ምድግጋፍ ከተማታትን ካልእን።መደረታት፣ ሙዚቃን ካልእ ኩሉ ሒዝኩሞ ትመጹ ዛንታታት ፣ስእልታትን ምስልታትን። እቲ ኣብዚ መዓልቲ ኣብ ገዛ ክግደፍ ዘለዎ ሓደ ነገር ሃገራዊ ባንዴራታት እዩ። ምኽንያቱ መሰል ኩሉ ማዕረ ስለዝኾነ ካበይ ሃገር እዩ ብዘየገድስ።

?ናብ በርሊን ከመይ ክንበጽሕ ኢና

ቀዳም ንግሆ ኩሉም ናብ ሰልፊ ናብ በርሊን ክኸዱ ዝደልዩ ኣብ አውቶቡሳት ካብ ካምፕታትን ሃይማትን ከም ዝእከቡ ክግበር እዩ።

ብእዋኑ ኣብ ናይ መዳለዊ ካምፕ ወይ ካርኒቫል በርሊን ምእንቲ ክንበጽሕ እተን ኣውቶቡሳት ቀልጢፋን ክብገሳ እየን። ተመዝገብኩም ቲኬት ገዚእኩም ተኾንኩም ብዛዕባ ንብገሰሉ ልክዕ ሰዓት ክሕበረኩም እዩ። አብ እዋን ምዝገባ ትኽክል ቁጽሪ ተሌፎን ከም ምሃብኩም ኣረጋግጹ።

ትሕጃ ቲኬት 5 € እዩ። ናብ በርሊን ኣብ ዝብገስ ኣውቶቡስ ትኬት ምስ ተርእዩ እተን 5€ ክምለሳኹም እየን።

ቲኬት ዝገዝኤ ወይ ክገዝእ ዝደሊ ወይ ሕቶ ዘለዎ ክድውል ወይ ውን ናብ ዝስዕብ ቁጽሪ ናይ Whats App መልእኽቲ ክሰድድ ይኽእል : 01575-5290998.

ቅድሚ ምብጋስ ደዊልና ካበይን ሰዓት ክንደይን አውቶቡስ ከም ትብገስ ክንሕብረኩም ኢና።

## Berlin, 16.9.2017

**11:00 | PREPARATION CAMP |**
**MINISTRY OF INTERIOR, ALT-MOABIT 140, CLOSE TO HAUPTBAHNHOF**
**13:00 | PARADE | MINISTRY OF INTERIOR TO ORANIENPLATZ**

አውቶቡስ ድሕሪ ሰልፊ ምሸት ኢዩ ክምለስ ስለዚ ዝብላዕን ዝስተን ምምላእ ኣገዳሲ እዩ፡፡

ክትማልእዎ ዘለኩም :
አውስ ቫይስን ዝስተ ነገርን፣ ብስሩዕ ትወስድዎ መድሃኒት እንተሎ ድማ መድሃኒትኩም፡፡

**ኣብ ዕለት 16.09 ብዛዕባ ዝካየድ ሰልፊ ዝምልከት ሕጋዊ ሓቤሬታታት**

ኣብ ሃገረ ጀርመን ከሉ ሰብ ኣብ ሰለማዊ ሰልፊ ክሳተፍ ይኽእል እዩ፡፡ ብሕጊ ድማ ፍቑድ እዩ፡፡

ሰብ ኣብ ሰለማዊ ሰልፊ ይሳተፍ ኣይሳተፍ ኣብ መስርሕ ሐቶ ዑቕባ ዘምጸኦ ጽልዋ የለን፡፡
እብ ሰለማዊ ሰልፊ ዝሳተፉ ሰባት ሕማቑ ወረቐት ናይ ምርካብ ዕድል ኣለዎም ማለት ኣይኮነን፡፡
ፓሊስ ኣብ ሰለማዊ ሰልፊ ኣውስ ቫይስ ክሐቱ ግን ይኽእሉ እዮም፡፡ስለዚ ኣውስ ቫይስኩም(ወረቓቕትኹም) ናይ ግድን ክትማልእዎ ኣለኩም፡፡እዚ Aufenthaltsgestattung, BüMA, Duldung,ወይ Aufenthaltserlaubnis ክኸውን ይኽእል).
ኣብዚ ናይ ተቓውሞ ሰልፊ ምስ ፓሊስ ጸገም ክፍጠር ዘሎ ዕድል ኣዝዩ ንኡስ እዩ፡፡ ይኹን እምበር ኣብ ኣውቶቡስ ቁጽሪ ተሌፎን ክንገረኩም እዩ ጸገም ምስ ፖሊስ ምስዝህሉ ደዊልኩም ምስ ጠበቓ ክትዛረቡ ትኽእሉ፡፡
ጸገም ክህሉ እዩ ዝብል እምነት ግን የብልናን፡፡

ኩሉ ሰብ ናብ በርሊን ክገይሽ ይፍቀዶ ድዩ?
መብዛሕቶም ስደተኛታት ኣብ ሙሉእ ጀርመን ናይ ምንቅስቓስ ፍቓድ ኣለዎም፡፡ ናብ ኩሉ ክገሹ ድማ ይፍቀዶሎም፡፡
ንክልተ መዓልታት ጥራይ ናብ ናይ ተቓውሞ ሰልፊ ንምጋሽ ንAusländerbehörde ምሕባር ኣየድልየካን እዩ፡፡ ካብ ክልተ መዓልቲ ንላዕሊ ኣብ በርሊን ክትጸንሕ ተደሊኻ ግን ኣብ ትነብረሉ ካምፕ ዘለው ናብ ሶሻል ሰራሕተኛታት ክትሕብር ኣለካ፡፡

ገለ ስደተኛታት ግን ኣብ ውሱን ቦታ ናይ ምንባር ግዴታ ኣለዎም፡፡ እዚ ማለት ኣብቲ ዝቕመጥሉ ቡንደስ ላንድ ወይ ከተማ ወይ ክራይስ ጥራይ ምንቅስቓስ እዩ ዝፍቀደሎም፡፡ ናብ ኩሉ ከተማታት ጀርመን ምንቅስቓስ ድማ ኣይፍቀደሎምን፡፡

ኣብ ውሱን ቦታ ናይ ምንባር ግዴታ ዘሎዎም ኩሉም ኣብ መጀመርያ ሰለስተ ወርሑም ዝርከቡ ስድተኛታት ኢዮም፡፡
ኣብ ውሱን ቦታ ናይ ምንባር ግዴታ ዘለዎም ኩሉም ኣብ ናይ መጀመርያ ካምፕ ዝነብሩ ስደተኛታ እዮም፡፡
ኣብ ውሱን ቦታ ናይ ምንባር ግዴታ ዘለዎም ንኽጥረዙ ቑሩብ ዝተረፎም ስደተኛታት ይርከብዎም
ኣብ ውሱን ቦታ ናይ ምንባር ግዴታ ዘለዎም ምስ ፓሊስ ጸገማት ዝነበሮም ኢዩም
ወይ ምስ ኣውስለንደርቢሆርደ ጸገም ዘለዎም.

ነዞም ዝተጠቕሱ ሰባት Ausländerbehörde ኣብ ኣውስ ቫይሶም ናብ ኩሉ ነጻ ክንተቀሳቐሱ ኣይፍቀድን ዝብል ጽሑም የስፍረሎም፡፡

ኣብ ውሱን ቦታ ናይ ምንባር ግዴታ ምስ ዝህሉ ኣብ ኣውስ ቫይስ እቲ ምንቅስቓስ ዝፍቀደሉ ከባቢ ይውሰን፡፡
ኣብ ውሱን ቦታ ናይ ምንባር ግዴታ ዘለዎ ሰብ ኣብዚ ናይ ተቓውሞ ሰልፊ ንምስታፍ ናብ በርሊን ክኸይድ ምስ ዝደሊ ክሓተና ይኽእል እዩ፡፡ ኣብ ውሱን ቦታ ናይ ምንባር ግዴታ እንዳሃለወ ምጋሽ ይካኣል ድዩ ኣይካኣልን ድማ ክንዘራረብ ኢና፡፡

---

**WWW.WELCOME-UNITED.ORG**
**WWW.COMMUNITYCARNIVAL.DE**

V.i.S.d.P.: Carni Valla, Straße der Pariser Kommune 13, 10356 Berlin